ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር

اتحاد الحركة الإرتريا لأنقاذ الوطن

# መልእኽቲ ሓድሽ ዓመት ስምረት

# ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር !!

ኦ ኽቡር ህዝቢ ኤርትራ !

እንቋዕ ናብ ዓመተ 2022 ኣብጽሓካ፣

መከራን ሕሰምን ሕማምን ሞትን ናይ ዝሓለፈ ዓመት ኣብቂዑ፣ በዚ ሓድሽ ዓመት ንኹሉ ሕሰምካን መከራኻን ወጽዓኻን ዝድብስ፣ ሰላምን ቅሳነትን ራህዋን ዝሰፈና ዓመት፣ ክኾነልካ ሰናይ ትምኒትና ንገልጽ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ!

ኣብዘም ዝሓለፉ ኣስታት 30 ዓመታት፣ ኣብ ነፍስወከፍ ሕብረተሰብ ኤርትራ ክሳብ እታ ዝደቐቐት ስድራቤት ዘይሃስስ ስምብራት ግፍዒ ብስርዓት ህግደፍ ወሪዱና ኢዩ፣ ዓመት መጺ ኣብ ክንዲ ሓጎስ ሓዘን፣ ኣብ ክንዲ ሃብቲ ድኽነት፣ ኣብ ክንዲ ትምህርቲ ድንቁርና፣ ኣብ ክንዲ ጥዕና ሕማምን ጓህን ፣ ኣብ ክንዲ ዕረፍትን ቅሳነትን ማእሰርትን ስደትን ወዘተረፈ ኩሉ ክፉእ ዘበለ እናረኣናን እናሰማዕና ምንባር ከም ቅቡል ወሲድና ንዘይልመድን ዘይንቡርን ለሚድናን ተቐቢልናን ካብ ንኸይድ ርብዒ ዘመን የሕሊፍና ኢና፣ ይኹን እምበር ግፍዕን ጭቆናን ብምልማድን ምጽማምን ዘይሰዓር መዕነዊ ሕብረተሰብ ዝኾነ ሕማምምኳኑ እኹል ትምህርቲ ወሲድና ኢና ፣ ስለዚ መድሃኒት ጭቆናን ግፍዕን ኣንጻር ወጻዒ ብፍልጠት ሓቢርካ ምቅላስ እታ እንኮ ኣማራጺ ዘይብላ ፍታሕ ኢያ ኢልና ንኣምን።

ዓለምና ብክሮና ቫይረስ ኣብ ከቢድ ሻቕሎትን ወጥርን ካብ ትኣቱ ኣስታት 2ተ ዓመት ኮይኑ ኣሎ፣ ሂወት ብዙሓት ውን ቐዚፉ። ይኹን እምበር ኣብውሽጢእዚ 2ተ ዓመት ፣ ብዙሓት ናይ ስነፍልጠት ተመራመርቲ ብዝገብርዎ ዘለዉ ዘይሕለል ጻዕሪ ፣ ጸረ ክሮና ቫይረስ ክታበታት ክምህዙን ከፍርዩን ክኢሎም ኢዮም፣ ክንዲዝኾነ ከኣ ህዝቢ ዓለም ተጠቃሚ ናይዚ ፍርያት ብምዃን እቲ ዝበዝሐ ክኽተብ ክኢሉ ኢዩ። ኣብ ሃገርና ዝነብር ህዝና ግን ኣካል ማሕበረሰብ ዓለም ክንሱ ብሰንኪ ጨካን ምሕደራ ህግደፍ ነዚ ናይ ክታበት ዕድል ክይረክብ ተኣጊዱ፣ ኣደዳ ሕማምን ሞትን ክኸውን ተፈሪዱ ይርከብ። እዚ ከይኣኽሎ ብሰንኪ ዓንዳሪ ፖሊስ ስርዓት ህግደፍ፣ ኣብ ጎረቤት ሃገርና ኢትዮጵያ ተወሊዑ ዘሎ ኲናት ሕድሕድ፣ ኢድ ብምትእትታውመንእሰያትና ኣብ ዘይምልከቶም ኲናት ብምእታውኣደዳ ሞትን ስንክልናን ጥፋትን ጌሩ ዋጋ የኽፍሎምከምዘሎ ካብ ማንም ስዉር ኣይኮነን፣ ንህዝብና ከኣ ኣብ ዘይውዳእ ሓዘን ሸሚሙዎ ይርከብ። ካብዚ ጉዳይ ብዘይ ዝኾነ ቅድመኩነት ከወጽእ ንጽውዕ።

ስርዓት ህግደፍ ዝኸተሎ ዘሎ ፖሊሲ ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይትብቆላ ዝዓይነቱ ፣ ንሕብረተሰብ ኤርትራ ዓቢ ኣይብል ንኡስ ፣ ስንኩል ኣይብል ሕሙም፣ ሂወት ዘለዎ ሰብ ኩሉ ኣብ ናይዘይምልከቶ ኲናት የእቲዩ ኣደዳ ሞትን ስንክልናን ይገብሮ ከምዘሎ ካብ ማንም ዝተኸወለ ኣይኮነን። እዚ ከኣ ንዘለዎ ሕዱር ጽልእን ቅርሕንትን ከውጽእ እምበር ፣ ኤርትራ ካብዚ ኲናት ትረብሖ ቅንጣብ ነገር ከምዘየሎ ንፈልጥ ኢና። ንናይ ውልቀ-ማላኺቲ ናይ ስልጣን ጽምኣት ንምርዋይ፣ ሂወት ኣሽሓት ንጹሃን በጃ ይኾኑ ምህላዎምተገንዚብና ፣ ማኅርሒ ናይ ከምዚኦም ዝኣማስሉ ዕሉላት ማላኺቲ ካብ ምኟን ኩሉ ዓይነት ኣሜራጹ ተጠቂምና ኣንጻሮምደውክንብልን ካብዚ እነ ምልጠሉ መንገዲ ከነናድን ብጥብቂ ምሕጽንታና ነቕርብ።

ኣብ ኲናት ክሳራ እምበር ዓወት ዝብሃል የሎን፣ ናይ መወዳእታ ፍታሕ ናይዚ ኹናት ከኣ ፖለቲካዊ ማእዲ ዘተ ኢዩ ኢልና ንኣምን። ይኹን እምበር ቅድሚ መድረኽ ዘተ ዝኽፈል ዘሎ ሂወት ንጹሃን ዜጋታትን ፣ ዝዓኑ ዘሎ ንብረትን ምጣኔ ሃብትን፣ ኣዚዩ ዘሕዝን ኢዩ ፣ ዓገብ ክበሃልን ክኹነን ከኣ ይግባእ።

እዚ ኲናት ብኣጋ መፍትሒ ረኺቡ ኣብ ማእዲ ዘተ እንተዘይተኣቲዩ፣ ኣዚዩ ሓደጋኛን ኣሰካፍን እናኾነ ካብ ከባቢና ሓሊፉ ናብ ዞባና ፣ ካብ ዞባ ናብ ማሕበረሰብዓለምና ክልሕምከምዝኽእል ምግንዛብየድሊ።

ዓለምና ምስ ረብሓታት ዝተኣሳሰረ ናይ መን ዓብለለ ሓድሕዶም ዝጠማምቱ ናይ ሓያላት ሃገርት ዓውዲ ኢያ፣ ክንዲዝኾነ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ጠቕመን ዝተተንከፉ ፣ ረብሓታትን ንምውሕስ ሓገዝቲ ተማስሊን ኣናቆቲ ፣ ሜፈተኒ ኣጽዋራት ኲናት ይገብረና ከምዝለዋ ምስትውዓል ዘድልዮ እዋን ኢዩ ።

ኣብ መወዳእታ ንሽግርና መፍትሒ ክኾነና ዝኽእል እንኮ ኣሜራጺ ሃገራዊ ሓድነትን ስኒትን ፈጢርና ፣ ኣንጻር ዓሚጺና ብሓባር ደውክንብል ክንክእል ናይ ወትሩ ጸዋዒትና ኢዩ ።

ንኹሉ ደላዪ ለውጢእውን ፣ ንክህልዎ ዝኽእል ፖለቲካዊ ፍልልይ ንጎድኒ ገዲፉ ኣብ ምድሓን ህዝብን ሃገርን ኩሉ ዓቕሚታቱ ክጸምድ ፣ ምስ ኩሉ ኣካል ለውጢ ኤርትራዊ ብጥርኑፍ ይኹን ብውልቂ፣ ተሓላለእን ተደጋጋፍን እምበር ናይ ተወዳዳርነትን ዓብላልነትን መንፈስ ከውገድ ከም ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር ተሪር ምሕጽንታና ነቕርብ።

ደጊምና ዓምተ ሰላምን ለውጥን፣ ዓመተ ዕርቅን ሕድገትን ክኾነልና ንምኝ ።

**ኤርትራን ኤርትራውነትን ንዘለኣለምክነ ብሩኢዮም!**

**ሓርነትና ናይ ግድን ኢዩ !**

**31 ታሕሳስ 2021**